**መወዳእታ ዘይብሉ መጀምርታ**

ብበላይ መስፍን

06.10.2016

መጨረሽታ ተሳኢኑዎ እቲ መጀመርታ
ኮይኑ መወዳእታ ዘይብሉ መጀመርታ
ሰጊርካዮ ቁሪ ነጸላ ዘይብልካ ወይ ኮበርታ
ብጸሓይ ተለብሊብካ ብሃልሃልታ
ኣየ ኣማውታ ዘይብሉ መሰታ
ወርቃዊ ታሪኽካ ኮይኑ መመኽኔታ

ቀዳመይቲ ጥይት ንፍትሒ ወጺኣ
ህዝቢ ኣናዊጻ ጸላኢ ግን ኣውጺኣ
ልክዕዩ እወ ጸላኢስ ኣውጺኣ
ሽግር ምስ ኣተወት እሞ ማኣስ ወጺኣ
ማንም ዘይሓሰቦ እንዶ ጸላኢ ተኪኣ
ተጥፍኦ ኣላ ህዝብና ንደገ ኣውጺኣ

ኣብ ከብዳ ተጸፍዩ ዝተወልደ
ኮይኑና ካብ ኩሎም ዝገደደ
ንኹሉ ዝውጽዕ ከይገደፈ ሓደ
መሪጹ ዘዐሹ ነንዝተወልደ
ባሮቱ ጌሩና ከይገደፈ ሓደ
ንዑ ገለ ንግበር እቲ ጊዜ ከይከደ

ብኣፉ ንዛረብ ብልቡ ንሓስብ
ጌሩና ከም ኣብጺ ፍጹም ዘይንሓስብ
ብዙሕነዩ ዘመኽኒ ገንዘቡ ንኽስብስብ
ንገለ የፋራርሕ ንገለ ካኣ ይቕስብ
ናይ ኩልና ስራሕ ንኡኡ ዘኽስብ
ንኽጣፋኣና ሓሶት ዝሰባስብ

ኡፈየ ከይንብል ኣብ ሃገርና
ደፋፊኡ ብቐስበን ኣውጺኡና
ንኽብረት ተቓሊስና ሓሳር ተፈዲና
ንኽይንቃለሶ ፍጹም በቲኑና

ዓቕምና ጸንቂቑ እኒሀ ይድሀከና
ንዑ ገለ ንግበር ከይጠፍኤ ህዝብና

ልቢ እንተዝህሉ ዘማዛዝን
ምበዝሐ እቲ ብልቢ ዝሓዝን
ሓደ ምተረኸበ ንኹሉ ዝመዝን
መሪሕ'ውን ምተረኸበ ብህዝቡ ዝሓዝን
ምሓፈረ'ውን እዚ ኣብ ሃገር ዘዅዘንዝን
ንዑ ምሪሕ ንድለ ንኹሉ ዝመዝን

ኣሕዋት ኣይቅቡልን ክትግዛእ ክትነብር
ንዓ ዳኣ ሕጅስ ህዝብኻ ኣናባብር
ሓዲሽ መዋጽኦ ድለ ኢልካ ሕብር
ኣብ ማእከልካ ኣሎ መገዲ ዝሕብር
ፍልልይ ወጊድካ ንኹሉ ጸናብር
ሓሳብ'ዩ ዘድሊ ሃገር ንኽትገብር

ኣደ ተጸቢያ ንጻነት ሒዙ ክምለሳ ወዳ
ተሰዊኡ ኢሎምዋ ብዙሕ'ያ ሰንቢዳ
በታ ናጽነት ኢዩ ተደቢሱ ከብዳ
እታ ናጽነት ግን ንድሕሪት ኣዅዲዳ
ኣብ ክንዲ ራህዋ'ውን ሽግር'ያ ወሊዳ
ንዑ እክብ ኢልና ከም ግቡእ ነዋድዳ

ዘይትሓስበ ኮይኑ ገሪሙዎ ኹሉ
ዝነበረ ሽግር ቀጺሉ ከምኡ ኢሉ
ወሲኹ እምበር ማኣስከ ቀሊሉ
በጺሑዎ ኮይኑ መናብርቲ ኩሉ
ጓል ትኹን ወዲ ብሓባር ኮብሊሉ
ንዑ እክብ ኢልኩም እቲ ዝሓይሽ በሉ

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና